# ዕድመን ዳህሳሲ ኮንፈረንስ

ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ከመይ ኩነታት ከምዘለና ንማንም ብሩህ ኢዩ። ኣብ ከመይ ኩነታት ከምዝጸናሕና ውን ምስጥር ኣይኮነን። ምንቅስቓስ ንብሩህ መጻኢ ኤርትራ ኣብ መፋርቕ 2016 ጽላሎት እዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ስለዘምበበ ህግሓኤ ናይ ሎሚ ህግደፍ ካብ ጥንቲ ጸረ ኤርትራን ኤርትራውነትን ብሓፈሻ ውን ጸረ ህዝብን ዘይሕጋውን ጉጅለ ምኳኑ ኣብ መንፌስቶኡ ገልጺዎ ኣሎ። ስለዚ እዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት፣ መፈጸምታ ትምቢት ኣባላትን መራሕትን ምንቅስቓስና ደኣ እምበር ጋሻ ነገር ኣይኮነን። ህግሓኤ ሃገር ንምፍራስን ህዝቢ ንምብታንን ዝተወደበ ሓይሊ ኢዩ ዝበልና ካኣ ንፉልሶ ወይ ንስለ ፕሮፓጋንዳ ኣይነበረን። ምንቅስቓስ ንብሩህ መጻኢ ኤርትራ ካብ ምጅማሩ ኣትሒዙ ህግሓኤ ወይ ህግደፍ መንግስትና ስለዘይኮነ፣ ኣብ ወጻኢ መንግስቲ ክንእውጅ ከምዝግባእ ኣቐዲሙ መጽዋዕታ ወይ ኣዋጅ ኣቕሪቡ ነይሩ። ይኹን ደኣ እምበር ዝተወደቡን ዘይተወደቡን ሓይልታት ኣንጻር ምንቅስቓስና ተዓጢቖም ክቃልሱና ጸኒሖም። ግዜ ዘይብርሆ ነገር ስለዘየለ ካኣ እቲ ዘበልናዮ ሎሚ ዳርጋ ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ሎሚ ህግሓኤ ወይ ህግደፍ ዘይናትና ምኳኑ ግደፍ ዶ ንተቓወምቲ ንደገፍቲ ውን ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ህግደፍ ወይ ህግሓኤ ዘይናትና ምኳኑ ካብ ተጋህደ እንታይ ደኣ ይሓይሽ ንምድህሳስ፣

ዳህሳሲ ኮንፈረንስ ንወህደት ቃልሲ ዜጋታት ኣብ ትሕቲ ዜብል ጭርሖ፣ ናይ 3 መዓልታት ኮንፈረንስ ኣዳልዩ ኣሎ። ስለዚ ካኣ ኣብዚ ኣገዳስን ታሪኻውን ኮንፈረንስ ንክትሳተፉ/ፉ ብኽብሪ ንዕድም።

## ዕላማ

እዚ ኮንፈረንስ እዚ 3 ዕላማታት ክህልዎ ኢዩ።

1.ምንቅስቓስ ንብሩህ መጻኢ ዕሸል ወይ ውልዶ ምንቅስቓስ ከም ምኳኑ መጠን ኣብ ቅድሚደገፍቱን ኣባላቱን ርእሱ ክግምግም ኢዩ። ነቐፈታታትን ለበዋታትን ደገፍቱን ኣባላቱን ክሰምዕ ኢዩ። ሕጽረታቱን ብድሆታቱን ንኣባላቱን ደገፍቱን ክገልጽን ኢዩ።

2.ዓበይትን ምሁራትን ኪላታትን ንህልዉ ኩነታትናን ሽግራትናን ብምግምጋም መፍትሒታት ዝብልዎ ሓሳብ ከቕርቡን ኣኼበኛታት ክካትዕሉን ዕድል ክፈጥር ኢዩ።

3.ናይ ወከልቲ ሲቪካውያንን ፖለቲካውያንን ውድባት ሓሳባትን ሪኢቶን ክሰምዕ
ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ዎርክ ሾፕ ብምድላው ሓባራዊ ስራሕ ወይ ናይ ሓባር ትካል
ክግበር ዝኽእል እንተኾይኑ ዕድል ክፈጥር ኢዩ።

ዝኸበርካ ኩቡር ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ ምንቅስቓስ ንብሩህ መጻኢ ኤርትራ፣
ናይ ምስልዩነት ባህርያትና ክሳብ ዘይገደፍና ካብ ዘለናዮ ሽግር ክንወጽእ
ኣይንኽእልን ኢና ዝብል ጽኑዕ መትከል ኣለዎ። ስለዚ ኣብቲ ዝግበር ኮንፈረንስ
ዘይትግበሩ መብጽዓታት ኣይትጸበ። እዚ ኮነፈንስ እዚ ንስኻ ወይ ንስኺ እንተ
ተሳቲፍካዮ/ክዮ ጥራይ ኢዩ ዕውት ክኸውን ዝኽእል እሞ ኣብዚ ሃገራውን ታሪኻውን
ኮንፈረንስ እዚ እጃምካ/ኪ ከተብርክት/ቲ ምንቅስቓስ ንብሩህ መጻኢ ብኽብሪ
ይዕድመካ/ኪ።

**Address -Gruen-weiss Hochspeyer e.v kirchstrasse 120 Kaiserslautern Germany**
**Date of conference – 09__11 November 2018**

**Eritrean Bright future movement**

**bf25572e@gmail.com**
**tele.0041779239532**

**donation paypal. Hilnawit@yahoo.com or**
**Haben2003@att.net**
**donation tele +3161777653**
**+46709859322**
**+1972524535079**
**Information.+41779239532**
**+4917652201082**
**+4915214528036**